# ዙሑል ኩናት እንታይ እዩ?

ኣብ ታሪኽ ብ1917 እቲ ብብላድሚር ለኒን ዝምራሕ ናይ ቦልሸቪክ ሰውራ ዝፍለጥ ናይ ደርቢ ሓረስቶትን ሰራሕተኛታት ሰውራ ሩስያ ንዓለም ኣብ ክልተ ስነ-ሓሳብ ዝመቀለ መበገሲ ዙሑል ኩናት ዓለም ክብሃል ይክኣል። ዙሑል ኩናት ብዕሊ ብደረጃ ዓለም ዝተወርየሉ ግን ካብ መጋቢት 12 1947 ጀሚሩ ክሳብ ታሕሳስ 26 1991 ምብትታን ሶቨየት ሕብረት ዝተራእየሉ ጸኒሑ።

ኣብ ግንቦት 1945 ካልኣይ ውግእ ዓለም እተን ንናይ ጀርመን ናዚ (NAZI)ስርዓት ዝሰዓራ ሃገራት ማለት ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካን ዓባይ ብሪጣንያን ብሓደ ሸነኽ ሶቭየት ሕብረት ድማ ብካልእ ሸነኽ እቲ ኣብዚ ኩናት ዝነበረን ምሕዝነት ክፋራኸሽ ወይ ነቓዕ ክፈጥር ኪኢሉ። ምኽንያት ናይ'ዚ ድማ ሶቪየት ሕብረት ኣብ'ቲ ብኩናት ተዓዊታ ዝሓዘተን ሃገራት ምብራቕ ኤሮጳ ዴሳዊ ስርዓታት ትተክል ስለዝነበረት፣ እዚ ቀጺሉ ናብ ሙሉእ ኤሮጳ ከይልሕም ኣሜርካን ዓባይ ብሪጣንያን ስለዝሰግኣ ነዚ ንምክልኻል ዘወሰድኦ ሱጉምቲ መበገሲ ዙሑል ኩናት ኮይኑ።

ነዚ ናይ ሶቬት ሕብረት ምስፍሕፋሕ ንምብዳህ ኣሜርካ ኣብ'ቲ ኩናት ዝተሃስያ ሃገራት ኤሮጳ ብፍላይ ድማ ምዕራብ ጀርመን MARSHAL PLAN ዝብሃል ናይ ቁጠባዊ ሕውየት ሓገዝ ብምግባር ኣብ ጽልዋ ኣሜርካ ከምዝኣትዋ ጌራተን።

እዚ ኣብ ሞንጎ ክልቲኤን ሓያላት ሃገራት ዝተራእየ ምፍሕፋሕ ዙሑል ኩናት ዝተባህለሉ ምኽንያት ኣብ መንጎ ክልትኤን ርእሰ-ሓያላት ማለት ሶቬት ሕብረትን ኣሜሪካን ቀጥታዊ መጠነ-ሰፊሕ ወተሃደራዊ ውግእ ስለዘይነበረ እዩ። እንተኾነ ግን ክልቲኤን ርእሰ-ሓያላት ንተቃወምተን ብኢድ ኣዙር ወይ ብውክልና ኣብ መሰረታዊ ዞባዊ ግርጭታት ኢደን የእትዋ ነይረን። እቲ ግርጭት ድማ ኣብ ስነሓሳባውን ጆፖለቲካዊ ቃልሲ ዓለማዊ ጽልዋ ንምፍጣር እዩ ነይሩ። ነዚ ንምዕዋት ድማ ውድድር ምስራሕ ኑክለራዊ ኣጽዋርን ተንቀሳቃስ ወተሃደራዊ መዓስከራት ምድኳንን ናይ ጠፈር በረራ ውድድርን የተግብራ ነይረን። ንዓለማዊ ቃልሲ ንምዕዋት ድማ ስነኣእምራዊ ኩናትን ፕሮፓጋንዳን ስለላን እገዳን ብምግባር ብሰፊሑ ተሰሪሕሉ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ዕማማት ዘተግብር ናይ ክልተ ደምበ ወተሃደራዊ ውዕላትን ምትእኽኻባትን ቆይሙ። ቀዳማይ ምትእኽካብ ናይ ሰሜን ኣትላንቲክ ስምምዕ ውድብ (NATO) ተባሂሉ ዝፍለጥ ሓባራዊ ናይ ጸጥታን ወተሃደራውን ጥምረት ብሕቡራት መንግስታት ኣሜርካን ካናዳን በልጁምን ደንማርክን ፈረንሳን ኣይስላንድን ኢጣልያን ላክስምበርግን ነዘርላንድስን ኖርወይን ፖርቱጋልን ዓባይ ብርጣንያን ዘጠቃለለ ብ1949 ተመስሪቱ። ኣብ'ዚ እዋን ድማ እተን ካብ ሶቭየት ሕብረት ዝተፈንጨል ሃገራትን ካብ ኣሮጳ ተሪፌን ዝነበራ ሃገራት ሕጂ ተሓዊሰንኦ 31 ኣባላት ሃገራት ኣለዋ።

እቲ ካልኣይ ቀጽሪ ድማ ብጥምረት ዋርሶ (WARSAW PACT) ዝፍለጥ ብ1955 ዝተመስረተ ሓባራዊ ናይ ምክልኻል ውዕል ዘለዎ ሶቭየት ሕብረትን ኣልባንያን ቡልጋርያን ቺኮዝላቫክያን ሩማንያን ሃንጋርን ፖላንድን ምብራቕ ጀርመንን ዝሓቖፈ ነይሩ። ኣልባንያ ብምኽንያት ስነ-ሓሳባዊ ፍልልይ ብ1968 ካብቲ ጥምረት ወጺኣ።

ነዚ ኣብ ሞንጎ ክልተ ቀጽርታት ዝካየድ ዝነበረ ምትፍናንን ናይ ኣዕነውቲ ኑክለራዊ መሳርያታት ውድድር ንምህዳእ ክልቲኤን ርእሰሓያላት በብግዚኡ ርኽክባትን ውዕላትን እንዳ ገበራ ክኸዳ ጸኒሔን።ብ 8 ታሕሳስ 1987 ናይ ኣሜርካ ፕረሲደንት ሮላንድ ረጋንን ናይ ሶቬት ሕብረት መራሒ ሚኪኤል ጎርባቾቭን Intermediate — Range Nuclear Forces Treaty (INF) ተባሂሉ ዝፍለጥ ማእከላይን ሓጺር ርሕቀት ዝከይድ ኩሉ ዓይነት ሚሳይላትን ኮንቭንሽናል ካብ መሬት ዝውንጨፍ ብላስቲክን ኩሩዝ ሚሳይላትን ኣብ ክሊ ርሕቀት 500 ክሳብ 5500 ኪሎሜተር ዝኸድ ክእለዩ ተሰማሚዖም።

ዝተገብረ ውዕላት በብግዚኡ ግምገማ እንዳተገብረሉ ስለዝሕደስ ካብዚ ቀጺሉ ድማ ኣብ 1991 ፕረሲደንት ጆርጅ ቡሽን ጎርባቾቭን ኣብ ሞስኮ ብምርኻብ STRATEGIC ARMS REDUCTION TREATY (START) ዝብል ስምምዕ ብምፍራም ካብ ጠቕላላ ብክልቲኡ ሃገራት ዝውነኑ ናይ ኑክለየርን ተወርወርቲ ቦምባታትን ሚሳይላትን ብሓደ ሲሶ ክጎድል ተሰማሚዖም።

ኣብ ሞንጎ 1987 ክሳብ 1991 ጽልዋ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ሶቭየት ሕብረት ስለ ዝሓየለ ጎርባቾቭ ግሉጽነትን ምትዕርራይን ዝብል መደባት ሒዙ ምስ ተበገሰ ሶቭየት ሕብረት ናብ ምብትታን ኣትያ። እታ ሓንቲ ሃገር ዝነበረት ናብ 15

ሃገራት ተበታተንት። ጽልዋን ሓይልን ሶቭየት ሕብረት ድማ ተዳኺሙ። እቲ ብጥምረት ዋርሶ ንነቶ ክብድህ ዝተመስረተ ሓባራዊ ውድብ ብወግዒ ብ25 የካቲት 1991 ፈሪሱ። ብሰንኪ ምብትታን ሶቭየት ሕብረትን ምፍራስ ጥምረት ዋርሶ ንናይ ኣሜርካ ዕብለላ ዝቃወም ብዘይምንባሩ ዙሑል ኩናት ኣብቂዑ ዋላ እንተተባህለ ኣሜርካ ኣብ ዓለምና እንኮ ቁጠባዊ ቀጽሪ ብምኻን ገባሪትን ሓዳጊትን ናይ ዓለምና ብምኻን ምስ ፖሊሲኣ ንዘይሰማምዓ ሃገራት ኣብ ምእላይን ኣዕናዊ ስጉምትታት ክትወስድ ጸኒሓ ኣላ።

ኣብ ትሕቲ ሶቭየት ሕብረት ዝነበረ ዝበዝሐ ናይ ኑክለየር ኣጽዋራት ኣብ ትሕቲ ሩስያ ፌደረሽን ኣተወ። ብድሕሪ'ዚ እቲ ኣቀዲሙ ዝተጀመረ ስምምዓት ኣብ ሞንጎ ሩስያ ፌደርሽንን ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ን ሓዲሽ መራሒ ሩስያ ያለስቲንን ፕረሲደንት ቡሽን ንስላሳይ ግዜ ነቲ ዝነበረ ውዕል ከም ብሓዲሽ ብምምሕያሽ START II ዝብል ስምምዕ ብዕለት 3 ጥሪ 1993 ተፈራሪሞም።

ቀጺሉ እውን ኣብ 2010 ኣብ ሞንጎ ፕረሲደንት ኦባማን ናይ ሩስያ መራሒ ዲመትሪ መደቨድ ኣገልግሎቱ ኣብ 2026 ዘብቅዕ ብNEW STRATEGIC ARMS REDUCTION TREATY ዝፍለጥ ክልትኤን ሃገራት ካብ 1550 ዝተጻወደ ኑክለራዊ ተወንጨፍትን 700 ሚሳይል ደብደብቲ ናይ መሬትን ባሕርን ሳብማሪናት ካብኡ ንላዕሊ ከይውንናን ብዛዕባዚ ምንቅስቓስ ኣጽዋር ነንሕድሕደን ሓበሬታ ክተሓላለፋ ተሰማሚዔን። እንተኾነ ፕረሲደንት ፑቲን ብሰንኪ እቲ ኣብ ዩክረይን ዝካየድ ዘሎ ኩናት ብዕለት 21 የካቲት 2023 ነዚ ውዕል ከምዘደስከሎን ምስ ኣሜርካ ዝኾነ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ከም ዝተቓረጸን ኣፍሊጡ።

ኣሜሪካ ብመንገዲ ዩክረይን ኣቢላ ዝወላዓቶ ኩናትን ብምስምስ እዚ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝኣወጀቶ እገዳ ተመሊሱ ንቁጠባ ኣሜርካን ኩለን ሃገራት ኤሮጳን ዓለምን ሃስያ ከውርድ ይርኤ ኣሎ። ጽልዋ ናይ'ዚ ኩናት ኣብ ፋይናንሳዊ ትካላት ኣሜርካን ኤሮጳን ረማዕማዕ ክብል እንከሎ ኣብ ቡዙሓት ሃገራት ኤሮጳ ድማ ብሰንኪ ናህሪ ዋጋታትን ስግኣትን ዕንወት ኩናት ተቓውሞታትን ሰላማዊ ሰልፍን ይርኤ ኣሎ።

እዚ ዘለናዮ እዋናት ድሕሪ ምፍራስ ሶቬት ሕብረት ዝተፈጥረ ብኣሜሪካ ዝምራሕ እንኮ ቁጠባዊ ቀጽሪ ዓለም ንዓለምና ከም ድላዩ ቢሒትዋ ድሕሪ

ምጽናሕ ሰንከልከል ዝብለሉ፣ሓያላት ዓለምና ሩስያን ቻይናን ድማ ብቁጠባውን ወተሃደራውን ሓይለን ደልዲለን ዝተራእያሉ ዙሑል ኩናት ከም ብሓዲሽ ዝተበራበረሉ እዩ።

ካልኣይ ክፉል ክቅጽል እዩ............

ግርማይ የማነ

ርያድ ሱዑዲ ዓረብ 04/04/2023